Global Eritrean Mekhete

E-SMART

ኤርትራዊ ኣህጉራዊ መኸተ

ECU

ዝኸበርክንን/ ዝኸበርኩምን ብጾት

ኣቐዲምና ሃገራውን ብጻያዊን ሰላምታና ንቕርብ።

ሎም ዘበን ንሓቀኛ መሰለት ህዝብናን ኲነታትናን ብኸፊል ኣጉሊሑ ዘርእይ፣ ንኤርትራ ፍትሓዊ ቃልሳን ዕማማት ህንጸት ሃገርን ዘላሊ ብሓደ ሸነኽ፣ ብኻልእ ሸነኽ ነቲ ንፍትሓዊ ጉዳይና ጸማም እዝኒ ሂቡ ክኸይድ ዝመረጸ ማሕበረሰብ ዓለም ከይተሓለልና ናይ ሰላምን ፍትሕን ጻውዒትና ንምቕራብ፣ ዝዓለሙ ክልተ መዳባት ተመዲቦም ኣለዉ። ንትግባሪኡ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ኣውሮጳን ሰሜን ኣሜሪካን ዝርከባ ኲለን ሽማግለታት መኸተ ፣ ኣካላት ሃገራዊ ሽማግለ፣ ሃገራውያን ወዳበታትን ማሕብረ ኮማትን ኣድላዪ ምቅርራባት ይገብራ ኣለዋ። ነዚ ዕዉት ንምግባር ናይ ኲሉ ሃገራዊ ዜጋ ተሳትፎን ኣበርክቶን ስለ ዝሓትት ካብ ሕጂ ጀሚርና ክንቀራረበሉ ይግባእ።

እዚ መደባት እዚ:

13 ሚያዝያ ኣህጉራዊት መዓልቲ ምሕጽንታ (Action Day) ንምግባራ ኣብ ኲሉ ኲርንዓት ዓለም ዝርከብ ህዝቢ ዝሳተፈሉ:
-ነቲ ስርዓት ወያነ ብጎበጣ ሒዝዎ ዘሎ መሬትና ብዘይ ወዓል ሕደርን ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኲነትን ለቒቑ ፣ ብይን ኮምሽን ዶብ ኣተግቢሩ፣ መገዲ ሰላም ክመርጽ ጸቕጢ ክግበረሉ
-እቲ ብእከይ ሻራን ሓሶትን ተጠኒሱ ዝተወልደ ኣብ ኤርትራ ተስገዲዱ ዘሎ ዘይሕጋዊ ናይ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት እገዳታት 1907(2009)ን 2023(2011)ን ክለዓልን፣ እዚ እኩይ ፖለቲካ ዘንቀሎ ዘይሕብርናን መሰለትናን ዝህብ መስርሕ ጸለመ መጋባእያ ሰብኣዊ መሰላት እከይ ተግባራቱ ደው ከብል ዝጽውዕ ዓቢ ጐስጓስ ክግበር እዩ።




ነዚ ኣብ ቁ 1 ዝተጠቕሰ ጐስጓስ መሰነይታ ዝኸውን ፡ ኣቓልቦ ዓለም ንምስሓብ ዝዓለመን ፡ ኤርትራዊ ኣህጉራዊ መኸተ (Eritrean Global Mekete) ፡ ምስ ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ፡ ብምትሕብባር ዝወደቦ: ***"ጉዕዞ ብሽክለታ ንሓቂ ሰላምን ፍትሕን ንኤርትራ" (Cycling Tour for the Truth, Justice Peace and Eritrea)*** ብዝብል ቴማ ተዳልዩ ኣሎ። እዚ ክልተ ቕነ ዝወስድ ጉዕዞ: ኣብ መዓልቲ ኣስታት 150 ኪ.ሜ እናተጓዕዘ ንእግረ መገዱ በቲ ከይትሓለለ ንሃገሩን ህዝቡን ካብኡ ዝድለ ዝገብር ኤርትራዊ እናተሰነየ: ኣብ ዘዘዕረፈሉ ከተማታት ንዝርከቡ ሰበስልጣን መዘክራት እናሃበ፣ ሓቀኛ መሰለት ኤርትራ ዝገልጽ ጽሑፋት እናዘርገሐን ፣ ምስ መሓዙት ኤርትራ እናተላዘበን ብ31 መጋቢት (March 31, 2015) ካብ ሽወደን ተበጊሱ ብጀርመን ኣቢሉ ፡ ናብ ስዊዘርላንድ ብ13 ሚያዝያ ፡ (ብይን ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ 13 ዓመቱ) ኣብ ከተማ ጅኔቭ በጺሑ ንሕቡራት መንግስታት መዘክር ከቕርብ እዩ። እዚ ልዕሊ 25 ምኩራት ተቐዳደምትን ብሓያሎ ካልኦት ዘሰንይዎም ዘወርትን ተዓጂቡ ብድምር ናይ ኣስታት 1700 ኪ.ሜ ናይ ብሽክለታ ጉዕዞ ንምዕዋቱ ኣብ ምሽብሻብ ይርከብ።

ነዚ መደባት እዚ ዕዉት ንምግባሩ : ናይ ኲሉ ሃገራዊ ዜጋ ተሳትፎን ኣበርክቶን ስለ ዝሓትት : ካብ ሕጂ ጀሚርና ክንቀራረበሉ ይግባእ። ኣብ'ዚ ተኣሚሙ ዘሎ ህዝባዊ መኸተ እጃምና ከነበርክትን ንምዕዋቱ ዝከኣለና ክንገብርን ከኣ ንበገስ። ነቲ ዘድሊ ወጻኢታት ንምሽፋን ሓገዝ ክንገብር እንደሊ ወይ ኣብ ከከተማና ብዘሎ ሽማገለታት መኸትና ኣቢልና ወይ ኣብ http://eritrean-smart.org/content/cycling-tour-truth-peace-justice-and-eritrea-0 ኣቲና ብPayPal ዝከኣለና ንዋታዊ ሓገዝ ንገብር።

ኤርትራዊ ኣህጉራዊ መኸተ!
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!
ዓወት ንሓፋሽ!